ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ (ስትራተጂ ዓዲ)
THE ERITREAN CONGRESS PARTY

Date .....
ዕለት.....

ገለ መዓቀኒታት ምስ ክልተ ነገራት !!

መቕድም !!

ብመንእሰያት ተሳናዲኡ ብመንእሰያት ዝተተገብረ ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ብፍላይ ኣብ ጀኒቫ፡ ስዊሰራ፡ ዝድነቕ ነበረ። መንእሰይ ኤርትራ ግዴኡ ክጻወትን ንዘንጊ ቃልሲ ክልዕልን ክመርሕን ብቑዕ ከም ዝኾነ ድማ ኣመዝጊቡ። መራሕቲ ውድባት ቪድዮ ወይ ደረቕ ስእለታቶም ኣብ ኢንተርነት ብምዝርጋሕ ዓወት ቃልሲ መንእሰያት ንምምንጣል ክውጣውጡ ግን ረኤና። እዚ ዕዉት ፖለቲካዊ ተርእዮ ንምዕበላ ዓለመለኻዊ ዲፕሎማሲ ዘጠዓዕም ኩነት እውን ፈጢሩ ኣሎ። ነቶም የዋሃት ዜጋታት ገና ካብ ጋኔነት ስርዓት ኣስመራ ሓራ ዘይወጽኡ እውን <ኣቱም ሰባት ካንዶ ኣባጊዕ ገዛኢ ደርቢ ኮይና ተሪፍና> እውን የብሎም ኣሎ። ዮሃና መንእሰይ ኤርትራ!!!

ገለ መዓቀኒታት !! ሀ. ህልዊ ኩነታት !!

ህልዊ ኩነታት ክንብል ከሎና፡ ህልዊ መድረኽ ማለትና ኣይኮነን። መድረኽ ገምጋም ረቛሒታት ሓደ ፍሉይ ሕቶ ወይ ጉዳይ እዩ። ንምሳሌ ንጉዳይ ኤርትራ ብዝምልከት ኣብዚ ዘሎናዮ መድረኽ፡ ዓለመለኻውን ውሽጣዊ ጉዳያት ሀገርን ጽልዋኦም ኣብ ቃልሲ ተቓውሞ እንታይ ይመስል? ከምኡ እውን ዝምድና ተቓውሞ ኤርትራ ምስ ጐረባብቲ መንግስትታ እንታይ ይመስል? ወይ ውሽጣዊ ዝምድናታት ሓይልታት ተቓውሞ እንታይ ይመስል? ወዘተ. እንዳበልካ እዩ ዝግምገም። እንተኾነ ግን ህልዊ ኩነታት ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ በዞም ኣብ ላዕሊ ዝሰራዕናዮም መዐቀኒታት ክግምገም ኣይክኣልን እዩ። ኣብዚ ዘሎናዮ ግዜ፡ ሓይሊ ተቓውሞ ኤርትራ ብሓሸውየነትን ፈውዳን ከይተረፈ ምዕቃን ከድልየና እዩ።

ለ. ሓሸውየነት !!

ኣብ ህልዊ ኩነት፡ ሓይልታት ተቓውሞ ክንዲ ኣንጻር ስልጣን ኣስመራ ዝቃለሱ፡ ኣብ ዓውዲ ሽንኮለል ሰሚናራትን ዋዕላታትን ጉባኤታትን እዮም ዝርከቡ። ስለዚ ኸኣ እዩ ብዙሓት ለባማት ንሽንኮለል ሓይሊ ተቓውሞ ኤርትራ ምስ ሓፍላታት (ፌስታታት) ጥሁርን (ክንሽበት) ጥምቀትን ሕጸን መርዓን፡ ዘነጻጽርዎ። ናይዚ ተርእዮ፡ ሞርሖ <ኣኼባ ማእከላዊ ሽማግለ ወይ ፈጻሚት ወይ ሕጋዊ ኣካል ወይ ድማ ጉባኤ ውድብና ብዓወት ተዛዚሙ> እዩ።

ፖለቲካዊ ፈውዳ !!

መበገሲ ፖለቲካዊ ፈውዳ ወይ ዕግርግር ስልጣን ኣስመራ ክፈርስ ቀሪቡ ስለ ዘሎ ቀዲምና ጎል ነእቱ (ሽቶ ነመዝግብ) እዩ። ሓደ ካብቶም ምኽንያታት ፖለቲካዊ ፈውዳ፡ ክንዲ ሓይሊ ተቓውሞ ከም ጋንታ ዝስራዕ፡ ፖርቴፊን ተርሲኖታት ከይተረፉ ጎል ከእትዉ ያኣይ ስለ ዝመጣጠሩ ሕግታት ጸወታ ፖለቲካ ተጣሒሶም ብኣንጻሩ ጎላት ስልጣን ኣስመራ ኣብ መርበብ ተቓውሞ ክድኾደቹ ኢና ንርኢ።

ሐ. <u>ፖለቲካ ኣናጹ !!</u>

ኣብዚ ቀረባ እዋናት፡ ሓደ ንምዕባሌታት ፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቓ ዝከታተል ዜጋ ሰርብያ <ካብ ኩሉ ካብ ፖለቲካ ኣናጹ ተጥንቀቹ መሪር ዕድል ዩጎዝላቭያ ከይገጥመኩም> በለኒ። ኣናጹ ጸብሐነግሀ ኣንጻር ድሙ ካብ ክቱር ኣብ ኣኼባታትን ዋዕላታትን ጉባኤታትን ምልፍላፍ፡ ዘደንቕ ጥበብ መደረ ኣጥረዩ፣ ድሙ ካብ ቅንኣት ዝኣክል፡ እንታይ ደኣ ኮይነ እየ በጀካ <ምያው> ምምዳር ዘይክእል እና በለ የስቄርቁር ነበረ። ሓደ መዓልቲ ከም ልማዱ ተሓቢኡ መደረ ኣናጹ እንዳ ሰምዐ ከለ“ ከም መብረቕ ጉዳይ ኣናጹ በርሃለ፣ ንሱ ድማ ኣናጹ ፎርማጆ ካብ መደረ ንላዕሊ ከም ዝፈትዉ እዩ። ድሙ ነዚ ጠባይ ኣናጹ ብምግንዛብ ነዮም መን ከማና ዝብሉ መደርቲ ብፎርማጆ እንዳ ገዝኤ ንሓሻካ ኣናጹ ፋሕብትን ብምእታው በብሓደ ንምእራዮም ጠዓሞ። ወዮ ሰርብያዊ ዜጋ ብምብትታን ዩጎዝላቭያ ሕማም ዘሕደረ <ጉዳይኩም ንኻልእ ኣይተረክቡ፡ ሰብ ድማ ብፎርማጆ ከም ዝሕበል ኣይትዘንግው ደኣ በለኒ>።

መ. <u>ኣበይ ዓዱ፡ ውዲ መን ድኣ ኮይኑ?</u>

ኣብ ሓደ ሃገር ስልጣን ፕረዝደንት ንሓደ ባእታ ቅድሚ ምርካቡ ክሕተት ዝግባእ ሕቶ፡ <ኣበዩ ዓዱ፡ ወዲ መን ደኣ ኮይኑ?> እዩ። ሃገርካ ንኣስማሪኒ ኣረኪባካ ሕጂ ኣንጮርጉሮ ኣይጠቅምን እዩ፣ ስለዚ ንኤርትራን ህዝባን ኣጋጢምዋ ዘሎ ጥፍኣት ንሕናን ዓለምን ስለ እንፈልጦ እዚ ሓጺር መግለጺ ካብ ለኾሶን ምቕዛምን ሓራ እዩ። እቲ ቀዳማይ ኣዋጅ ኩናት ብጉጅለ ኣዝማሪኒ ከም ዝተጻሕተረ ሎሚ መን ዘይፈልጥ። ወዳጂ ! ግስጋሲ እየ ክትብል ንሃገርካ ስለ ዘረከብካ ንህዝብኻ ከም ኩዕሶ ካልሲ መጻወቲ ኣዝማሪኒ ወዲኻዮ። ኣይትምሃርን ደኣ ኢኻ እምበር፡ ሃይማኖተይ ቀቢላይ ኣውራጃይ ክትብል ነታ ተሪፋ ዘላ ኤርትራ ኣይተጥፍእ። በል እስኪ ወዳጂ ሃይማኖትካን ቀቢላኻን ኣውራጃኻን መንዶ ክወስድልካ እዩ ? ናይ ካልኦት ክትወስድ ትሓልም ደኣ ከይትህሉ እምበር። በል ክትፈልጥ ወዳጂ እቲ ገስጋሲ ኣበይ ዓዱ፡ ወዲ መን ደኣ ኮይኑ ኢሉ ዝሓትት እዩ፣ ሻቡ ድማ ህዝብኻ ካብ ጥፍኣት ድሒኑ ምሳኻ ክግስግስ እዩ። **ዕላማ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ** ኩሉ ኤርትራዊ ወዲ ዓዲታት ኤርትራ ስለ ክኽውን ይቃለስ።

<u>ሓደ ነገር !! ትኩስ ምስዳድ !!</u>

ብቀዳማይ ምኒስተር ኢትዮጵያ ንስልጣን ኣስመራ ዝተዋህበ መጠንቀቕታ ቀዳማይ ቃጭል ተባሂሉ ክስመ ይኽእል። ብሸነኽ ኢትዮጵያ ዝተኣወጀ ኩናት ስለ ዘይተላዕለን፡ ብመሰረቱ ድማ ክልተ ኣዋጃት ኩናት ስለ ዘይእወጁ፡ ኣብ ዓለመለኻዊ ሕጊ እቲ ቀዳማይ ቃጭል ንህልዊ ኩነታት ኤርትራ ብዝምልከት፡ ስልጣን ኣስመራ ካብ ሓዊ ምጽሕታር ምስ ዘይቕጠብ፡ <ትኩስ ምስዳድ> (in hot pursuit) ተባሂሉ ዝስመ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊኡ ከይውሰድ እዩ ክሓስብ ዝግብኡ። ትኩስ ምስዳድ ብዓለመለኻዊ ሕጊ

ኣይፍቀድ ኣይውገድ፡ ግን ከኣ ዘይኩነን ናውቲ እዩ። ካብ ቃጭል ሓሊፉ እቲ ዓቢ ደወል ምስ ዝድወል ግን እቲ ኩናት ኣብ ልዕሊ ስልጣን ኣስመራ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከይከውን መጽናዕቲ ዘድልዮ ጉዳይ እዩ። ማለት ህዝቢ ኤርትራ ብስልጣን ኣስመራ ዝለ ዝተረመሰ ግን ድማ ኣንጻር ስርዓት ኣስመራ ይቃለስ ስለ ዘሎ ኣብ ልዕሊኡ ዝድራዕ ኩናት ብሞራላዊ እገዳን ዓለማዊ እኩብድምር ተሞክሮን (Praxis) ቅቡል ኣይኮነን። እቲ ዝበለጸ መንገዲ ጐረባብቲ መንግስትታት ነቶም ድላይን ክእለትን ዘለዎም ተቓወምቲ ምስ ዝሕግዙ ባዕልና ንስልጣን ኣስመራ ከነውድቕ ንኽእል ኢና። ቅድሚ ዓሰርተውሰለስተ ዓመታት መበገሲና ንሱ ነበረ፡ ሕጂ እውን ኣይተቐየረን። ኩናት ዓቢ ደወል ውጽኢቱን ዓለምለኻዊ ጠንቅታቱን ከቢድ እዩ። ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ድሕሪ ሕጂ ኩናት እንተ ተወሊው ንህዝቢ ኤርትራ ብሱሩ ዘየጥፍእ፡ ኣብ ተጻባእቲ መደበራት ስልጣን ኣስመራ ጥራይ ዝስንዘር እዩ ክኸውን ዝኽእል ዝብል እምነት ኣለዎ።

ካልኣይ ነገር !!

ኣብ ዝሓለፉ ዓስርተው ሓሙስተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ዝተደፍኡ ስጉርፎታት ጸልመ ነቲ ከም ብሩር ዝተኸልዐ ሰልፍና ምጥቃር ኣይከኣሉን። ሰልፍና ንዋና ጸሓፍነት ምሕዝነት ብ2002 ካብ ዝተመርጸለ እዋን ጀሚሩ ክሳብ ዘሎናዮ ሰዓት ገለ ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ ካብ ክሳዱ ምውራድ ኣብዮም ኣለዉ። ምስ እዚ ኹሉ ሰልፍና ብጽሞና ንስርዓት ኣስመራ ካብ ምርዓድ ቦኽሩ ኣይፈልጥን። ካብ 2005 ጀሚሩ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ንእሽቶ ውድብ እዩ ብምባል ካብ ኪዳን ኣዋሲኖሞ። ሕጂ ድማ ፖለቲካዊ ሸንኮለን ፈውዳን ኣናጹን ኣብ ዝገርገረሉ ህልዊ ኩነት፡ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ንእሽቶ ጥራይ ዘይኮነ ብመሰረቱ የልቦን ዝብል ዲቾ ዝበለ ሳዕስዒት ጽሉላት ተፈንዩ ኣሎ። ቃልሲ ገል ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ ነቲ ኣብልዕሌና ዘባኸንዎ ጽዓት ኣብ ልዕሊ ስልጣን ኣስመራ ኣተኩሩ እንተዝነብር ምናልባት ሎሚ ኩላትና ኣብ ሃገርና ምሃሎና፡ ሃብቲ ኤርትራ ኣይምተዘረፈን፡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣይምተበታተነን። ወዳጂ፡ ኣብ ሳዕስዒት ጽሉላት ኣብ መንጎ ስብራን ምስባርን ፍልልይ የልቦን። ንምኻኑ <ንእሽቶ ውድብ> ኣብ ቋንቋ ተቓውሞ መኣስ ተኣታተወ ? ትርጉሙኸ እንታይ እዩ ?

ትርጉም <ንእሽቶ ውድብ> መኣስ ተኣታተወ ?

ብ2004 መንግስትታት ሰንዓ ፎሩም ድሕሪ ኣኼባኦም ንሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራን ሰውራዊ ባይቶን፡ ሽዑ ንዝተፈጥሩ ውድባት ሰልፊ ደሞክራስን ህዝባዊ ምንቅስቓስን እውን ዓዲሞም ነበሩ። መራሒ የመን ብምኽንያት ስራሕ ቀልጢፉ ይጊስ ደኣ እምበር፡ ክቡር ፕረዚደንት ሱዳንን ክቡር ነፍስሄር ቀዳማይ ምኒስተር ኢትዮጵያን ነቲ ዕድመ ብኽብሪ መርሕዎ። ብምትብባዕ ላዕለዎት ተጸዋዕቲ ሃገራት ሰንዓ ፎርምን ካብ መዝነተይ (ከም ዋና ጸሓፊ ሃምኤን) ተበጊሰ ኣኼባ ስምረት ጸዋዕኩ፡ ኣብ ውሽጢ ሐንቲ መዓልቲ፡ ኣብ መንጎ ዝተጥቕሱ ሓይልታት ኣብ ዕማማት ሰላም ተበጽሐ። ብ2005 ብመሪሕነት ኣቦ መንበርነተይ፡ ነዞም ዝጠቕስናዮም ወድባት ዝጥርንፍ ኤርትራዊ ዴሞራስያዊ ኪዳን ተባሂሉ ዝተሰመየ ጽላላዊ ቾርጻ ተመስረተ። ሻቡ ቀለም ስምምዕና ከይነቐጸ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ንእሽቶ ውድብ ስለ ዝኾነ ብሓደ ሰብ ይውከል ዝብል ውሳኔ ሓለፈ። እቶም ካልኦት ከክልተ መናብር ክዕደሉ ከለዉ ንሰልፍና ግን ሓደ መንበር ጥራይ ለገስሉ። በዓል ሓደ መንበር ኣብ ሕጋዊ ኣካል ኪዳን ክሳተፍ ይኽእል እዩ፡ ኣብ ፈጻሚ ኣካል ግን

ክሳተፍ ኣይፍቀድሉን ብምባል ንሰልፍና ኣብ መሪሕነት ተቓውሞ ግደ ከልእዎ። ከም ዝፍለጥ፡ ድሕሪ ቁሩብ ሰልፊ ተራድኦ ኤርትራ ንእሽቶ ውድብ እዩ ብምባል ብሱሩ ካብ ኪዳን ተወገደ። እቲ ምኽንያት ባዕልኹም ተመራሚርኩም ብጽሕዎ፡ ብሕቶታት ፖሊስ ሞኽ ክንብል ኣይንመርጽን።

<u>ትርጉም <ዓበይቲ ውድባት> !!</u>

ምስ እዚ ኹሉ ትርጉም <ነእሽቱን ዓበይትን ውድባት> እንታይ ምኻኑ ብተጠቀምቲ እዞም ዝተጠቕሱ ቃላት ገለጻ ኣይተዋህበን። እስከ ብትርጉም ዓበይቲ ውድባት ንጀምር ፡

1. ካብ ዓበይቲ ውድባት ኢና በሃልቲ ኣየኖት እዮም ስለ ሰላም ኣብ መንነ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተቓለሱ? ወላ ሓደ እኳ።
2. ኣየናይ ዓቢ እየ ዝብል ውድብ (ብሄራዊ ውድባት ዓበይቲ ውድባት ኢና ኣይበሉን) ንስልጣን ኣስመራ ብጎንጻዊ ኣገባብ ገጢመዮ ኣለኹ ዝብል? ወድጀ፡ ዑብ ገዲፍና፡ ወላ ሓደ እኳ !
3. ዓበይቲ ውድባት በሃልቲ ኣብ ምስረታ ሰንዓ ፎሩም ግደ ተጻዊቶም ድዮም ? ካብ ምሕዝነት ዝምስረት ጀሚርካ ክሳብ ሓምሻይ ስሩዕ ኣኼባ ምሕዝነት (2002) ተቓወምቲ ውድባት ካብ ሱዳን ተጠሪዞም ነበሩ፣ ካብ ኢትዮጵይ ክጥረዙ ድማ ኣብ መጽናዕቲ ዝነበረ ጉዳይ እዩ። ምስረታ ሰንዓ ፎሩም እዩ ኣድሒንዎም፣ኣብኡ ግን ግደ ኣይነበሮምን።
4. ዓበይቲ ውድባት በሃልቲ ነጻ እቶት ገንዘብ ኣለዎም ድዩ ? እቶም ንግዲ ዝፍትኑ ውድባት ከይተረፉ ተጸበይቲ ሓገዝ ሰንዓ ፎሩም እዮም። እዚ ሓገዝ ምስ ዝስሓብ ድማ በቲ ኣባሃህልኦም ነኣሽቱ ውድባት ይኸፈኑ።
5. ካብ ዓበይቲ ውድባት ኢና በሃልቲ ምስ መንግስታት ይኹን ትካላት ሕብረት ኤውሮጳ ወግዓዊ ርክብ ኣሎና ዝብሉ ኣለዉ ድዮም። ክሳብ ሕጂ እንፈልጦም የልዉን።
6. ኣበርክቶ ዓበይቲ ውድባት ኢና ብሃልቲ ኣብ ወፈራ ትግባሬ ሃገራዊ ባይቶ ይኹን ኣብ ሰነዳቱ ግዴኦም ኣዝዩ ውሱን ክኸውን ከሎ ኣብ ምፍራሱ ግን ዓቢ ግደ ተጻወቱ።
7. ነቲ ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ስልጣን ኣስመራ ዝርከብ ህዝብና ካብ ፖለቲካዊ ህጻንነትን ፖለቲካዊ ጃጃውነትን ንምግልጋል ብዓበይቲ ውድባት ኢና በሃልቲ ዝተጻሕፉ መሃርቲ መጽናዕትታት ንህዝቢ ዝተዘርግሑ ኣለዉ ዲዮመ ? ብዘካ መረረን ቁዛመን መሪሕ ሐሳባት ዝተደርሱ እንተሃለዉ ውሕዳት እዮም።
8. ዓበይቲ ውድባት ኢና በሃልቲ ኣብ ራእይ ዝተመስረተ፡ ንኤርትራን ህዝባን ኣብ ሐጺር ግዜ ከበራብር ዝክእል ቁጠባዊ ፕሮግራም ዘበርከቱ ኣለዉ ድዮም ? ክሳብ ሕጂ ኣይረኤናን።

<u>ሰልፊ ተራድኦ ኤርትራ !!</u>

<u>ሐጺር መላለዪ !!</u>

እስከ ንድሕረ ባይታ ሰልፊ ጉባኤ ተመሊስና ንርኣዮ፣ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ንፕሮግርማትን ስትራተጂ ዓወትን ተ.ሓ.ኤ ንምትግባርን፡ ንጌጋታት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምእራምን ዝተበገሰ

ደሞክራስያዊ ሓይሊ እዩ። እዚ ሓይሊ እዚ ብ1990 ምስ ህዝባዊ ግንባር ብወግዒ ተጸንበረ። ኣብ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ዋና ጸሓፊ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ንዓወት ስውራ ኤርትራ ብኽምዚ ዝስዕብ ጽምዋቕ ደምደመ፥ ነጻነት ኤርትራ ብቐዳማይ ደረጃ ብህዝቢ ኤርትራ እዩ ተዛዚሙ፣ ግደ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ድማ ወሳኒ እዩ። ክምኡ ድማ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኣብ ቃልሲ ነጻነት ኣድማዒ ግደ ተጻወተ። ዓሰርተ ዓመታት ድሕሪ ነጻነት፡ ብጥሪ 2000፡ ኣብ ካርቱም፡ ኣብ ናዲ ሙሓምዪን (ክለብ ጠበቓታት)፡ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚእቲ ሰባት፡ ወከልቲ ኤምባሲታት ዝርከብዎ፡ መማህራን ካርቱም ዩኒቨርሲቲ ዝርከብዎ ወረቐት ኣቕረብኩ። ከምኡ ብምግባር ድምጺ ተቓውሞ ብወግዒ ክስማዕ ከኣለ። ኣብቲ ሰዓት እቲ ብወገንና ክልተ ሞርሖታት ቀረቡ፥ ንሳቶም ድማ 1) <ሕጂ ኩናት ጠጠው ይበል> 2) <ሕጂ ደሞክራስያዊ ምርጻ ይካየድ> ዝብሉ ነበሩ።

ሕጂ ኩናት ጠጠው ይበል !!

ኤርትራውያን ሊቃውንቲ ዓለመለኻዊ ሕጊ ኣብ ጉዳይ ኩናትን ሰላምን ኣእዳዎም ኣጣሚሮም ክርእዩ ከለዉ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ጥራይ እዩ ብዛዕባ ረጃሒታት ሰላም ኣብ መንነ እዞም ጐረባብቲ ሃገራት ከይሰልከዮ ኣብ ትሕቲ <ዲፕሎማሲ ህዝቢ ምስ ህዝቢ> ዝብል ኣርእስቲ መጽናዕትታት ዘበርከተ። ቅድሚ ሰልፍና ኣብዚ ጉዳይ እዚ ኣበርኪተ ዝብል ውድብ ወይ ውልቀሰብ እንተሃለወ ኢዱ ዊጥ የብል ክንርእዮ። ብተመሳሳሊ ሰልፍና ከይተሓለለ ንሰላማዊ ፍታሕ ወጥሪ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘበርከቶም መጽናዕታት ናይ ክብሪ ቦትኦም ሒዞም ኣለው።

ሕጂ ደሞክራስያዊ ምርጻ !!

ኣብ ነሓሰ 2000 ዓ.ም. ክልተ ጽሑፋት ኣብ ትሕቲ እዞም ዝስዕቡ ኣርእስትታት ኣብ ኢንተርኔት ወጽኡ፥ 1) Programatic Declaration, 2) Programatic Declaration: Further Elaboration። እዞም ክልተ ጽሑፋት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኣስመራ መጽናዕታዊ ወቕሳ ብምቕራብ ሕጂ ደሞክራስያዊ ምርጻ ይካየድ ዝብል ሞርሖ ኣልዓሉ፣ ቁሩብ ጸኒሖም ኣብ ትግርንያ ተተርጕሞም ብመልክዕ መጽሓፍ ኣብ ወጻእን ኣብ ኣስመራን ተዘርግሑ። ነዊሕ ከይወሰደ ድማ ስርዓት ኣስመራ ምርጻ ኣወጀ። ብርሱኑ ኣብ ወርሒ ነሓስ 800 ዝኾኑ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ኣብ ስቶኮሆልም ሰፊሕ ሰሚናር ኣካየድኩ፣ ኣርእስቲ ሰሚናር ቅዋም ኢሳያስ ነበረ። እቲ ቀንዲ መልእኽቲ፡ ብቅዋም ኢሳያስ ዝካየድ ምርጻ ኣብ ዲክታቶርነት ከም ዘምርሕ ነበረ። እቲ ሰሚናር ብቪድዮ ተቐሪጹ ኣብ ወጻእን ኣስመራን ተዘርግሐ። ዝተጠቕሱ ኣስተምህሮታት ንደሞክራስያዊ ምንቅስቓስና ወግዓዊ መልክዕ ከምዝሕዝ ገበሩ።

ሻቡ መራሕቲ ህግደፍ ንኽዕንቅፉ ኣብ ስቶኮልም ኣንዳ ተመላለሱ ተቓጸጽቲ ኣኼባታት ከካይዱ ጀመሩ። በዚ ከይተዓንቀፍና ኣብ ሕዳር 2000 ዓ. ም. ዓለመለኻዊ ዋዕላ ኣካየድና። እዚ ዋዕላ ብሓገዝ Palme International Center እዩ ተተግቢሩ። ነዚ ዋዕላ ንምፍሻል ካብ ኣሰመራ ዝተላእኹ መራሕቲ ህግደፍን ተሓባበርቶምን ተቓጻጺ ሰሚናር ብምክያድ ክፍሽልዎ ፈተኑ ግን ከም እቲ ዝተሓስበ ኣይኮነሎምን። ኣብ ዓለመለኻዊ ዋዕላ ስቶኮሆልም ንሰልፊ ተራድኦ ኤርትራን ስትራተጊ ዓድን ኣላሊና።

ጉጅለታት ንጥፈት (Action Group)

ኣወዳድባ ሰልፊ ተራድኦ ኤርትራ ኣብ ደገ ከም <ኣክሽን ግሮፕስ> እዩ ተሰሪዑ፡ ምሉእ ግደ ሰልፊ ተራድኦ ኤርትራ ኣብ ኤርትራ ምስ ተመለስና እዩ ዝትግበር። ኣብ ደገ ቀንዲ ዕላምኡ ንስርዓት ኣስመራ ብደሞክርስያዊ ስርዓት ምትካእ ስለ ዝኾነ ንስትራተጂ ዓዲ ከም ናውቲ ቃልስን ትምህርትን እዩ ዝጥቀመሉ። ኣብ ሃገርና ምስ ተመልስና ከም ሓደ ምሉእ ፕሮግራም ንኤርትራ ንምብርባርን ንምህዳስን ከገልግል እዩ። ኣክሽን ግሩፕ ክንብል ከሎና ነቲ ኣብ ደገ ዝርከብ መንእሰይ ኤርትራዊ ኣብ ንጥፈታት ቃልሲ ከም ዝሳተፍ ብምግባር ሰፊሕ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ምፍጣር ማለትና እዩ።

<ንእሽቶ ውድብ> !!

ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ንእሽቶ ድዩ ወይስ ዓቢ ውድብ ምኻኑ ክረጋግጽ ዝኽእል ነቶም ንዓበይቲ ውድባት ኢና በሃልቲ ዝቀረቡ ሕቶታት ምስ ዝምልስ እዩ።

1. **ሰልፍና ኣብ ጉዳይ ሰላም ዝተጻወቶ ግደ ንምርዳእ ብዓቢ ተቓላሳይ ሃይለ ድሩዕ፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዝጸሓፈለይ መልሲ ንመልከት። ፎቶኮፒ ትሕዝቶ ደብዳበ ኣብ ጥብቆ (ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝሕተም) መጽሓፈይ ምውካስ ይከኣል እዩ። ንኩናት ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዝምልከት፡ ድሞክራስያዊ ምንቅስቓስና ንሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ሃይለ ወልደንሳኤ ሓሳባት ብምቕራብ ወሳኒ ግደ ተጻወትና። ኣብ ታሕቲ ብዓቢ ተጋዳላይ ሃይለ ድሩዕ ዝተጻሕፈለይ ደብዳበ ነቕርብ፡**

Ministers Office Asmara, 15 June 2000 Fax: 0046-8-6416480

Dear Herui,

I would like to thank you for your interest and concerns and the six point comments and opinions concerning the legal basis for determining the Eritrea-Ethiopian boundary you sent me on 13-06-2000.

By Ethiopia's acceptance (yesterday) to Cessation of Hostilities Agreement it seems that there could be an opportunity for pushing the peace process forward.

Best regards,

Yours,

Signature

Haile Weldensae

2. ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ጎንጻዊ ግጥምያ ምስ ስርዓት ኣስመራ ኣካይዱ ድዩ ? ብ2002 ኣብ ልዕሊ እቲ ንኢትዮጵያን ሱዳንን ዘሎና ልኡል ክብሪ፡ ሰልፍና ዕድመ ክቡራትን ሃያላንን ጎረባብትና ሃገራት ኣኽቢሩ ዝኸደሉ ምኽንያት፡ ምስ ስልጣን ኣስመራ ካብ ማዕዶ ዘይኮንስ ፊት ንፊት ንምግጣም ነበረ። ብጐንጻዊ መልክዑ ስትራተጂና ፍሉይ ሓይልታት (Special Forces) ምምልማልን ንተቓወምቲ ሰራዊት ኤርትራ ምስ ዕጥቆም ክዕስከርሉ ዘኽእል መዓስከር ክፍለየልና ነበረ። እዚ ስትራተጂ እዚ ግን ቅቡል ኮይኑ ኣይተረኽበን።
3. ከም ዝተጠቕሰ፡ ብ2002 ብላዕለዎት ሰበ ስልጣን ፈተውቲ ሃገራት ኢትዮጵያን ሱዳንን ንዝተገብረልና ወግዓዊ ዕድመ መሰረት ብምግባር ኢና ኣዲስ ኣበባ ከድና። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ በጻሕና ድማ ብወግዓዊ ኣገባብ ብኣምባስደር ሱዳን ተዓደምና። ኣብቲ እዋን ኣብ ኢትይጵያ ኣምባሳደር ሱዳን ዝነበረ፡ ካብ ግዜ ቃለሲ ንፋለጥ ክቡር ሰብ ከምዚ ዝስዕብ በለኒ፡ <ስርዓት ኣስመራ ንጸጥታ ዞባና ኣስጋኢ ኮይኑ ስለ ዝረኽብናዮ ንሱዳንን ኢትዮጵያን የመንን ከም ሰለስተ ኣእጋር ዘለዎ ሰድያ ወሲድና ንስኻትኩም ኤርትራውያን ተቓወምቲ ከም ራብዓይ እግሪ ሰድያ ብምኻን ግደ ክትጻወቱ ቁርባት ዲኹም በለኒ። ኣነ ድማ <ከክንዲ ካልኦት ውድባት ኮይነ ክዛረብ ውክልና የብለይን፡ ሰልፍና ግን ቅሩብ እዩ በልኩዎ>። ብተመሳሰሊ ኣምባሳደር የመን ንዶ/ር ኣልጋነሽን ንኣይን ኣብ ኤምባሲ የመን ዓደመና፣ ንሱ እውን ምስ ኣምባሳደር ሱዳን ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዘለዎ፡ ግን ብኻልእ ኣበሃህላ ርእይትኡ ምስ ገለጸልና፡ ንሕናውን ብስም ሰልፊ ተራድኦ ኤርትራ ነቲ ዝቐረበልና ሓሳብ ተቐበልና። ድሕሪ ቁርብ ድማ ሰንዓ ፎሩም ተመስረተ። ፈታውን ክቡርን ዝኾነ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ንሓደ ወርሒ ዝኸውን፡ ብዓቢ ክሳራ፡ ናይ ሓደ ወርሒ ኣብቲ ውሩይ ሆቴል ግዮን ሆቴል ኣኼባ ኣሰናዳኣልና። ንሕና ኤርትራውያን ነቲ ብኽቡራት ጐረባብትና ዝተወህበና ዕድልን ተፈላጥነትን በቂዕናዮዶ? ኣይበቓዕናዮን። ድሕሪ ድራር ዮሃና ሽዑ ምሸት ኣፍረስናዮ።
4. ግደ ሰልፊ ተራድኦ ኤርትራ (ኣብ ታሕቲ ከም እንርእዮ) ኣብ ሽዊደንን ኣብ ብሩክሰልን ምስ ኣመሪካን ዘጥረናዮም ዝምድናታት ኤርትራውያን ተቓወቲ ኢና በሃልቲ ዘረግዎ። ወዳጂ፡ ስልፍና ካብ ኣባላቱ ብዝዋጻእ ገንዘብ እዩ ዝካየድ። ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ናይ ክርስትያን ሰልፊ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ናይ ክርስትያንን ኣስላምን ኩሎም ቀቢላታትን ነገዳትን ኣውራጃታትን ኤርትራ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ብሳልሕ ኣዲን፡ ምክትል ኣቦ ምንበርነት ሰልፍና ኣብ ሱዳን ጽኑዕ ህላውነት ኣለዎ። ብሓጺር ኣዘራርባ ሰልፍና ቁንጽብ ንስልኳ ዘየመቻችእ ኤርትራዊ ሰልፊ እዩ።
5. ብ2004 ኣብ ብሩክሰል ዶ/ር ኣልጋነሽን ኣነን ብወግዒ ተዓዲምና ነበርና። ኣብ ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ናይ ልዕሊ ሰዓት መደረ ብምግባርን ንዝቐረቡልና ሕቶታት ብምላስ ንምሕዝነት ድልዱል ባይታ ኣንጺፊና ነበርና።
6. ሰልፍና ካብ 2002 ጀሚሩ ንሃገራዊ ጉባኤ ተቓለሰ። ብ2004 ሓደ መጽናዕቲ ንህዝቢ ኤርትራ ተዘርግሐን ኣብ ካስል ኣብ ዝግበሩ ዓመታዊ ፈስቲቫላት ድማ ብተሳተፍቲ ውድባትን በርጌሳዊ ኣካላትን ቅቡል ኮነ። ኣብ 2008 ኣብ ዝተገብረ ዎርክሾፕ ሰልፍና ክልተ ጽሑፍ መጽናዕታት ብምቕራብ ንዋዕላ 2009 መበገሲ ሰነዳት ኣቕረበ። ኣብ ዋዕላ 2009 ከይተረፈ ክልተ መጽናዕትታት ነቶም ሽዑ ዝነበሩ ወርክሾፓት ኣቕረበ። ኣብ ኮሚሽን 2010 ሰልፍና ንዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ክልተ መጽናዕትታት ኣቕረበ። ንህዝቢ ኤርትራ ዝኸውን ሰፊሕ ሰነድ ዘርግሐ። ቅድመ ሕገመንግስቲ ዝብል ጽሑፍ ንህዝቢ

ዘርግሔ። ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ብወኪሉ ንጉባኤ ሃዋሳ ዝኸኑ ጽሑፋት፡ ካብ ሕገመንግስቲ ጀሚርካ ክስብ ካርታ ጉዕዞ ኣቕረበ። ክሳብ ዕለት ጉባኤ ዝኣቱ በጀካ ዓሰርተ ገጽ ዝኸኑ ብፖለቲካዊ ሽማግለ ብዓረብንያ ዝተጻሕፈ ካልእ ሰነድ ኣይነበረን። እቶም ኣብ ጉባኤ ዝቐረቡ ሰነዳት ብሃታሃታ ካብ ጽሑፋትና ዝተዳቐሉ ሰነዳት እዮም።

7. ብሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ዝተበርከቱ ኣገደስቲ መጽናዕታት ምፍላጥ ምስ ዘድሊ፡ ኣብ ኣርሺቫት ኤርትራዊ ዌብሳይታት ምፍታሽ እኹል እዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ቑጽሪ ብሰልፍና ዝተጻሕፉ መሃርቲ ጽሑፋት ምክትታል ጀመርና እሞ ኣዝዮም ብዙሓት ኮይኖም ስለ ዝረኸብናዮም ብመልክዕ መጽሓፍ ምሕታሞም ይሓይስ ኣብ ዝብለ ገምጋም በጺሕና ኣሎና።
8. ሰልፊ ተራድኦ ኤርትራ ኣብ ስትራተጊ ዓዲን <ተራድኣዊ ምዕበለን> ዝተባህሉ ሰነዳቱ ተሞርኪሱ ንኤርትራ ድሕሪ ውድቀት ስልጣን ኣስመራ ኣብ ሓጺር ግዜ ከበራብር ዕላማ ኣለዎ። ግዝያዊ ስም ሰልፍና ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ይኹን እምበር ኣብ ሃገርና ምስ ተመለስና ኣብ መበቆላዊ ስሙ <ሰልፊ ተራድኦ ኤርትራ> ክምለስ እዩ።

<u>መደምደምታ !!</u>

ንሕቶ ሰላምን ኩናትን ብዝምልከት ዓበይቲ ውድባት በሃልቲ ግደ ከም ዘይታጻወቱ ኢና ርኢና። ብኣንጻሩ ግን ብዓቢ ተጋዳላይ ሃይለ ድሩፅ ከም ዝተመስከረ፡ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ዓቢ ግደ ከም ዝተጻወተ ርኢና። ንጥምጥም ምስ ስልጣን ኣስመራ ምስ መርመርና ድማ ግደ ዓበይቲ ውድባት በሃልቲ ስትራተጊ ኣልቦን ትኩስ ሃፍን ጥራይ ምኻኑ ርኢና። ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ግን ካብ ኪዳን ተዋሲኑ ከነሱ ካብ ቃልሱ ዝጅምር ክሳብ ሕጂ ንስልጣን ኣስመራ የርዕድ ከም ዘሎ ተዓዚብና። ምሕዝነትን ኪዳንን ብሓልዮት ክቡራት ዓበይቲ ጐረባብትናን ምትሕብባር ሰልፍናን ሕጋዊ ተፈላጥነት ስለ ክርከብ ዝተጻወቶ ግደ እውን ርኢና። ዓብይቲ ውድባት ኢና በሃልቲ ካብ ሱዳን ክልተ ዓመት ከይሓከሙ እንደገና ተጠረዙ። ኣብ ፈታዊ ሃገር ኢትዮጵያ ድማ እቲ ተጠርዩ ዝነበረ ሕጋውነት እንደገና ተቐንጠጠ። ሰልፊ ጉባኤ ብውጽኢት ኣባላቱ እዩ ዝቃለስ። ኣብ ሽወደንን ጀርመንን ካርቱምን ኣዲስ ኣበባን ኣመሪካን ድልዱል ህላዌ ኣለዎ። ርግጽ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ በላዕተንያታትን ደሞዝተንያታትን ተጸበይትን የብሉን። ጽልዉኡ ግን ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ደገን ሰፊሕ እዩ። እዚ ጽልዋ ኣብ ውሽጢ ባይቶ ማዕረነት ቋንቋታት ትግርንያን ክሕለው ኣሎዎ ብምባል ስለ ተጣበቐኩን፡ ብተወሳኺ መሬት ናይ ዓዲ እምበር ናይ መንግስቲ ኣይኮነን ኢለ ዘንገይ ስለ ዝተኸልኩን ብተወሳኺ ድማ መንግስቲ ንባይቶ ከየማኸረ ብዛዕባ ዓሰብ ከይውስን ዝብል ርእይቶ ስለ ዘቕረብኩን ካብ ህዝቢ ሰፊሕ ደገፍ ነበረኒ። ኣብ ጋዜጣ እውን ገለ ጽሑፋተይ ይሕተም ስለ ዝነበረ ነቲ ህዝባዊ ደገፍ የዐዝዞ ነበረ። እዚ ጽልዋዚ ብሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ተወሪሱ ከም ዘሎ ዘይምዝንጋዕ። ኣብ ደገ ጽልዋ ሰልፍናን ኣብ ልዕሊኡ ዝተኸፍቱ ወራራት ጸለመ ተጠቒሱ ስለ ዘሎ ተወሳኺ ገለጻ ኣየድልዮን እዩ። ብኣንጻሩ ዓበይቲ ኢና ዝብሉ ውድባት ካብ ሰንዓ ፎሩም ተጸበይቲ ሓገዝ እዮም፡ እዚ ሓገዝ ሎሚ መዓልቲ ምስ ዝቋረጽ ካብዞም ዓበይቲ ኢና ዝብሉ ውድባት ክንደይ ካብኣቶም ኮን ህላዌኦም ከረጋግጹ ምኽኣሉ? ካብ ሰለስተ ኣርባዕተ ውድባት ኣይሓልፉን እዮም። ከም ዝተጠቕሰ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ኣብ ሽወደን ተፈላጥነት ኣጥርዩ ነበረ፡ ከምኡ እውን ኣብ ብሩክሰል፡ እንተኾነ ግን ደድሕሪ ኣሰርና እንዳኸዱ ደኣ ኣፍረስዎ እምበር። ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ንምስረታ ሃገራዊ ባይቶ ካብ 2002 ጀሚሩ ክሳብ ኣኼባ ሃዋሳ ዝተጻወቶ ግደ ንጹር እዩ። ንመሃርቲ

ጽሑፋት ብዝምልከት ንዓበይቲ ወድባት ኢና ብሃልቲ ከምዚ ዝስዕብ ሓሳብ ነቕርበሎም፥ <እስከ ኩላትና ተቓወምቲ ውድባትን/ ሰልፍታትን ዓዓሰርተ መሃርቲ ጽሑፋት ንብህዝቢ ዝቐወሙ ሽማግለታት ነቕርብ እሞ ፍርዲ ሊቃውንትና ንቀበል>። ንቐጠባዊ ራእይ ብዝምልከት ዓበይቲ ውድባት ዝገለጾ ቀጠባዊ ፖሊሲ ከም ዘይብሉም ርኢና፥ ስትራድጊ ዓድን ፖሊሲ ተራድኣዊ ምዕብልና ሰልፍና ግን ንኤርትራ ከም ዝህድሳ ኣየማትእን እዩ። ንበርጌሳዊ ማሕበራት ከም ዝስዕብ ሃገራዊ ጻውዒት ነቕርብ፥ <በርጌሳዊ ማሕበራት እንደገና ኣብ ኣውዳድባ ኣክሽን ግሩፓት ተመሊሶም ኣብ መንእሰይ ዝተመርኰሰ ብስትራተጂ ዓድን ፖሊሲ ተራድኣዊ ቁጠባን ዝማዕረገ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ብምብጋስ ንህዝብና ካብ ጥፍኣት ነድሕን> !!!

ውድቀት ንስልጣን ኣስመራ !

ዓወት ንህቡባት ዝኾኑሓይሊ ተቓውሞ !

ዓወት ንምንቅስቓሳት ኣክሽን ግሩፓት !

ሕሩይ ተድላ ባይሩ

ኣቦ መንበር ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ

ስቶክሆልም !! 2015-07-30